# ንድፊ ቅዋማዊ ቅርጺ-መቓን

# ቤት ምኽሪ ግንባር ህዝባዊ ማዕበል

# ብርጌድ ንሓመዱ

# ግ/ህ/ማ/ብ/ን

# 07-03-2026

## Table of Contents


መቕድም....6

1. ዓንቀጽ 1 – ስም፡ ሕጋዊ ባህሪ፡ ስልጣን ቤት ምኽሪ....7

1.1 ስም....7

1.2 ሕጋዊ ባህሪ....7

1.3 ኣርማ....7

1.4 ምንጪ ስልጣን ቤት ምኽሪ....7

2. ዓንቀጽ 2 – ዕላማን ሽቶታትን....7

3. ዓንቀጽ 3 – ኣመሓደርቲ ኣካላት....8

4. ዓንቀጽ 4 – ኣቃውማ ቤት ምኽሪ....8

4.1 ናይ ውክልና መሰል....8

4.2 መዐቀኒታት ብቕዓት ተወከልቲ ቤት ምኽሪ....8

4.3 ዕድመ ስልጣን....9

5. ዓንቀጽ 5 – መሰላት ኣባላት ቤት ምኽሪ....9

6. ዓንቀጽ 6 – ግቡኣትን ግዴታታትን ኣባላት ቤት ምኽሪ....9

7. ዓንቀጽ 7 – መሪሕነት ቤት ምኽሪ....10

8. ዓንቀጽ 8 – ምምራጽን ምእላይን ኣፈ-ጉባኤ....10

8.1 መስርሕ ምርጫ....10

8.2 መምዘኒ ብቕዓት ኣፈ-ጉባኤ....10

8.3 መስርሕ ሕጹይነት ኣፈ-ጉባኤ....11

8.4 ዕድመ ስልጣን ኣፈ ጉባኤ....11

8.5 ክፍቲ ቦታ ስራሕ ቤት ጽሕፈት ኣፈ-ጉባኤ....11

8.6 መስርሕ ምእላይ ኣፈ-ጉባኤ....12

8.7 ምኽንያታት ምእላይ ኣፈ-ጉባኤ....12

8.8 ግዝያዊ ኣፈ-ጉባኤ....12

9. ዓንቀጽ 9 – ስራሕ ኣፈ-ጉባኤ....13

10. ዓንቀጽ 10 – ምክትል ኣፈ-ጉባኤ....13

11. ዓንቀጽ 11 – ኣኼባታት ቤት-ምኽሪ ....13
11.1 ስሩዕ ኣኼባታት ....13
11.2 ፍሉይ ኣኼባታት ....13
11.3 ምላእተ ጉባኤ (Quorum) ....13
12. ዓንቀጽ 12 – ውሳነ ምሃብ ....13
12.1 ሓፈሻዊ ውሳነታት ....13
12.2 ጉዳያት ዓንድ-ሕጊ ....14
13. ዓንቀጽ 13 – ስልጣንን ዕማማትን ቤት ምኽሪ ....14
14. ዓንቀጽ 14 – ዝምድና ኣመሓደርቲ ኣካላት ....14
15. ዓንቀጽ 15 – ተግባራዊ ክፍልታት ....14
16. ዓንቀጽ 16 –ምሕደራ ክፍልታት/ ቀወምትን ግዝያውያንን ኮሚቴ ....15
17. ዓንቀጽ 17 – ምቕባል ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ....15
17.1 ስልጣን ....15
17.2 ቅጥዒ መእተዊ ወድባውያን ምንቅስቓሳት ....15
17.3 ቅጥዒ መእተዊ ሲቪካውያን ማሕበራት ....15
17.4 መስርሕ ምቕባል ውድባትን ሲቪካውያን ማሕበራትን ....16
17.5 መመልከቲ መእተዊ ውድባትን ሲቪካውያን ማሕበራትን ....16
17.6 ዘድሊ ሰነዳት ....16
17.7 መባእታዊ ገምጋም ....16
17.8 ገምጋም ግቡእ ትኩረት ....16
17.9 ለበዋ ኮሚቴ ....17
17.10 ምይይጥ ቤት ምኽሪ ....17
17.11 ውሳነ ....17
17.12 ምእታው ማሕበራት ብቅድመ-ኩነት ....18
17.13 መሰላት/ግቡኣት ትካላት ኣብ እዋን ምእታው ....18
17.14 ምኽንያታት ምእጋድ ወይ ምድስካል ....18
17.15 መስርሕ ይግባይ ....18
18. ዓንቀጽ 18 – ስነ-ምግባር ....19

19. ዓንቀጽ 19 – ግሉጽነትን ተሓታትነትን .....19
20. ዓንቀጽ 20 – ምምሕያሻት .....19
21. ዓንቀጽ 21 – ማእከላይ ሽማግለ .....20
21.1 ዕላማታት ማእከላይ ሽማግለ ግንባር .....20
21.2 ኣቃውማ ማእከላይ ሽማግለ .....20
21.3 ዕድመ ማእከላይ ሽማግለ .....20
21.4 ቅርጺ፡ ስልጣንን ዕማማትን ማእከላይ ሽማግለ .....20
21.5 ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ማእከላይ ሽማግለ .....21
21.6 ዕማምን ሓላፍነትን መሪሕነት .....21
21.7 ምክትል ኣቦ መንበር .....22
21.8 ዋና ጸሓፊ .....22
21.9 ኣቦ-መንበር ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታት .....22
21.10 ዕማምን ሓላፍነትን ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታት .....22
22 ዓንቅጽ 22 – ክፍሊ ዲፕሎማሲን ፖለቲካዊ ጉዳያትን .....23
23. ዓንቀጽ 23 – ክፍሊ ፋይናንስ .....24
23.1 ኣቃውማ .....24
23.2 ውሽጣዊ ኣቃውማ (ጨናፍር) .....24
23.3 ዋና ሓላፊ ፋይናንስ (CFO) .....24
23.4 ምክትል ሓላፊ ፋይናንስ .....25
23.5 ጸሓፊ ክፍሊ .....25
23.6 ዕዮታት ተሓዝ ካዝና .....25
23.7 ዕማማት ጨንፈር ኦዲት ነዞም ዘስዕቡ ነጥፈታት ተካይድ፤ .....26
24. ዓንቀጽ 24 – ክፍሊ ሚድያን ህዝባዊ ርክባትን .....26
25. ዓንቀጽ 25 – ክፍሊ ውደባ .....27
26. ዓንቀጽ 26 – ክፍሊ ደቂ-ኣንስትዮ .....27
26.1 ምምስራት .....27
26.2 ዕላማ .....27
26.3 ቅርጺ መደብ ስራሕ .....28

26.4 ቀንዲ ዕማማት ..... 28

26.5 ኣባልነትን ተሳትፎን ..... 28

26.6 ግዴታታት ጸብጻብ ..... 28

26.7 መትከላት ..... 29

27 ዓንቀጽ 27 – ሕግን ስነ-ስርዓትን (Discipline) ..... 29

27.1 ምምስራት ..... 29

27.2 ዕማም ..... 29

27.3 ቀንዲ ተግባራት ..... 29

27.3.1 ናይ ጸጥታ ተግባራት ..... 29

27.3.2 ተግባራት ስነ-ስርዓት ..... 30

27.4 ንጸጥታን ስነ-ስርዓትን ዝምልከት መትከላት ..... 30

27.5 ደረጃታት ስነ-ምግባር ..... 30

27.6 ተግባራት ስነ-ምግባር ..... 31

27.7 ስልጣን ስነ-ስርዓት ..... 31

27.8 ግቡእ መስርሕ ..... 31

27.9 ስጉምትታት ስነ-ስርዓት ..... 32

27.10 ህጹጽ ስጉምትታት ..... 32

27.11 ናይ ይግባይ መሰል ..... 32

27.12 ምክልኻል ኣንጻር ግህሰት ..... 32

27.13 ተሓድሶ ወይ ጽገና ..... 33

27.14 ምስጢራውነት ..... 33

28. ዓንቀጽ 28 ጠቕላሊ ኦዲተር (ተቖጻጻሪ) ..... 33

# መቕድም

## ንድፊ ቅዋማዊ ቅርጺ-መቓን
## ቤት ምኽሪ ግንባር ህዝባዊ ማዕበል ብርጌድ ንሓመዱ

ንሕና ኣባላት ‘ቤት ምኽሪ ግንባር ህዝባዊ ማዕበል ብርጌድ ንሓመዱ’ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ዘካየዶ ታሪኻዊ ቃልሲ ብምዝካር፡ ልኡላውነት፡ ክብሪ፡ ሃገራዊ ሓድነት ናይ ምሕላው ክቡር ሓላፍነት ኣብ ግምት ብምእታው፤ ንዲሞክራስያዊ ህዝባዊ ምሕደራን ለውጢ ውጽኢታዊ ፖለቲካዊ ምውህሃድን ቅድመ ኩነት ምኳኑ ዝተዋደደ፣ ግቡእ ውክልናን ተሓታትነትን ዘለዎ ምሕደራ ኣድላይነቱ ብምግንዛብ፤ ሕጋዊ ኣመራርሓ ኣብ ልዕልና ሕጊ፣ ሓባራዊ ሓላፍነት፣ ግሉትጽነት፣ ንኹሉ ዝሓቁፍ፣ መሰረታዊ መሰላት ምኽባር ዝተመስረተ ክኸውን ከምዘለዎ ብምርግጋጽ፤ ስልጣን ዝገልጽ፣ ትካላዊ ዕማማት ዝቆጻጸር፣ ዲሞክራስያዊ ተሳትፎ ዘረጋግጽ፣ ስልጣን ብዘይፍቓድ ምጥቃም ዝከላኸል ንጹር ሕጋዊ ስርዓት ንምትካል ቆሪጹ፤ ነዚ ቅዋማዊ ቅርጺ-መቓን ’ዚ ከም ላዕለዋይ መሳርሒ ምሕደራ ቤት ምኽሪ ‘ግንባር ህዝባዊ ማዕበል ብርጌድ ንሓመዱ' (EBRF)፡ ንዕላማ ምስጓም ዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ትካላዊ ቅንዕና፡ ከምኡ’ውን ሓላፍነታዊ ሃገራዊ መሪሕነት፡ ከም ዝላዕለ መሳርሒ ምሕደራ እዚ ቤት ምኽሪ ኮይኑ ንኽገልገል ብዕለት **07-03-2026** የጽድቕ።

## 1. ዓንቀጽ 1 – ስም፥ ሕጋዊ ባህሪ፥ ስልጣን ቤት ምኽሪ

### 1.1 ስም

ወግዓዊ ስም እዚ ጉባኤ ‘ቤት ምኽሪ ግንባር ህዝባዊ ማዕበል ብርጌድ ንሓመዱ (EBRF–Council)’ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ካብ’ዚ ንደሓር “ቤት ምኽሪ” ተባሂሉ ይጽዋዕ።

### 1.2 ሕጋዊ ባህሪ

ቤት ምኽሪ ኣብ መንን ብግቡእ ዝተጸውዑ ጉባኤታት ላዕለዋይ ናይ ምምይያጥ፣ ወኪልን ተቖጻጻሪን ኣካል EBRF ይፈጥር።

### 1.3 ኣርማ

ኣርማ ግንባር ህዝባዊ ማዕበል ብርጌድ ንሓመዱ (EBRF) ሓድነት፣ ምሕዳስ፣ ቀጸልነት ሃገራዊ ለውጢ ዘመልክት ክቢ ኣርማ እዩ። ኣብ ማእከሉ ድማ ንዕብየትን ሰላምን ምሕዳስ ከባብን ዝውክል ብጨናፍር ኣውሊዕ ኣብ ብርሀ ዝበለ ሰማያዊ ድሕሪ ባይታ ዝሰፈረ ቀጠልያ ተኽሊ ኣሎ። እቲ ሰማያዊ ሕብሪ ካብታ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቆጻጸሮ ዝነበረ ፈደረሽን ሰላምን ርእሰ-ምሕደራ ኤርትራን ዘመልክት ዝነበረት ታሪኻዊት ሰማያዊት ባንዴራ ኤርትራ ዝተበገሰ ኮይኑ ነቲ ሃብታም ባህርያዊ ባሕርና የመልክት። እታ ኣብ ዓንኬል ናይ ኣውሊዕ ቆጽሊ ቅርጺ ዝተቐመጠ ቀጠልያ ሕብሪ ድማ ንልምዓትን ህንጸትን ሃገርን ዘንጸባርቕ ኮይኑ፥ ግንባር ህዝባዊ ማዕበል ብርጌድ ንሓመዱ ዝብል ስም ብእንግሊዝኛን ትግርኛን ዘርኢ እዩ።

### 1.4 ምንጪ ስልጣን ቤት ምኽሪ

ስልጣን ቤት ምኽሪ ካብ’ዞም ዝስዕቡ ይምንጩ፤

ሀ) ውሳኔታትን ዕማማትን ጉባኤ

ለ) ናይ ምዝጉባት ኣባላት ግንባር EBRF ሓባራዊ ድሌት

ሐ) መትከላት ዲሞክራስያዊ ምሕደራን ሓባራዊ ሓላፍነትን

## 2. ዓንቀጽ 2 – ዕላማን ሸቶታትን

ቤት ምኽሪ፤

ሀ) ሓባራዊ ፖለቲካውን ውደባውን ድሌት ጨናፍር ዝውክል

ለ) ፖሊሲን ስትራተጂካዊ ኣንፈትን ምሕንጻጽ

ሐ) ኣብ ልዕሊ ፈጻሚትን ተግባራውያንን ኣካላት ክትትል ምግባር

መ) ውደባዊ ሓድነት፡ ሕጋውነትን ስነ-ስርዓትን ምሕላው

ሰ) ከም ቀንዲ መድረኽ ምይይጥን ውሳነን ኮይኑ የገልግል

## 3. ዓንቀጽ 3 – ኣመሓደርቲ ኣካላት

3.1 ቤት ምኽሪ

3.2 ማእከላይ ሽማግለ/ኮሚቴ

3.3 ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

3.4 ሽማግለ ዋና ቤት ጽሕፈት ግንባር

3.5 ተቖጻጻሪ ኣካል

ነፍሲ ወከፍ ኣካል ኣብ'ዚ ዝተገልጸ ብቕዓትን ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ሕግን ክሰርሕ ኣለዎ።

## 4. ዓንቀጽ 4 – ኣቃውማ ቤት ምኽሪ

ቤት ምኽሪ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ትካላት ፍትሕን ብዝተወከሉ ኣባላት ይቖውም ። ንህዝቢ ድማ ይውክል። ናይ ህዝቢ ድልየት ተግባራዊ ክኸውን፣ መምርሒታት ይህብን ይከታተልን።

### 4.1 ናይ ውክልና መሰል

ነፍሲ ወከፍ ብወግዒ ተፈላጥነት ዘለዎ ጨንፈር ሃገር ካብ ሰላሳ (30) ዘይውሕዱ ምዝጉባት ንጡፋት ኣባላት ዘለዎ 3 ወከልቲ ክረክብ መሰል ኣለዎ ካብ 30 ኣባላት ንታሕቲ ዘልዋ ጨንፈር ደማ 1 ውኪል ተረክብ።

### 4.2 መዐቀኒታት ብቕዓት ተወከልቲ ቤት ምኽሪ

ተወከልቲ ኣባላት ቤት ምኽሪ፡

ሀ) ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ኮይኖም ዝነጥፉ ምዝጉባት ኣባላት ክኾኑ

ለ) ብጨንፈሮም ብግቡእ ዝተሓጽዩ ክኾኑ

ሐ) ዲሲፕሊናዊ እገዳ ዘይትገብረሎም ክኾኑ

መ) ንጡፍ ተሳትፎ ዘርኣዩ ክኾኑ

### 4.3 ዕድመ ስልጣን

ወከልቲ ከምቲ ብቅዋም ቤት ምኽሪ ዝተቐመጠ ውሱን ናይ 2 ዓመት ግዜ ዘገልግሉ ኮይኖም ኣብ ዝቕጽል ምርጫ ንካላኣይ ገዜ ክወዳደሩ ግን ይኽእሉ ኢዮም ።

## 5. ዓንቀጽ 5 – መሰላት ኣባላት ቤት ምኽሪ

ሀ) ኣብ ውሳነታትን ምርጫታትን ድምጺ ምሃብ

ለ) ኣብ ዘተ ምምኽኻር ምስታፍ

ሐ) እማመታትን ምምሕያሻትን ሓሳብ ምቕራብ

መ) ጸብጻባትን ተሓታትነትን ምሕታት

ረ) ሰነዳት ቤት ምኽሪ ናይ ምርካብ መሰል ብጀካ እቶም ብሚስጢር ዝተሓዙ ሰነዳት (except restricted matters)

ሰ) ኣባላት ሕጋዊ መሰላት ተጠቂሞም ንጹር ናይ ሓሳብ መርገጺ ይኹን ርኢቶ ብምቕራቦም ብኹፉእ ዓይኒ ክጥመቱይኹን ካልእ መሰል ምግሃስ ከየጋጥሞም ምክልኻል (Protection from retaliation for lawful positions)። እዚ ድንጋገ ኣባላት ቤት ምኽሪ፡ ከይፈርሑ ሓሳባቶም ብነጻ ክገልጹ፡ ከድምጹ፡ ወይ ብቕንዕና ክውስኑ ከም ዝኽእሉ የረጋግጽ።

## 6. ዓንቀጽ 6 – ግቡኣትን ግዴታታትን ኣባላት ቤት ምኽሪ

ኣባላት ቤት ምኽሪ፤

ሀ) ንጨናፍሮም ብተኣማንነት ይውክሉ፣ ኣብ ምፍጻም መዝነቶም ከኣ፣ ብዕላማታትን መትከላትን ፖለቲካዊ ቻርተር፣ ብረብሓን ህዝብን ሃገርን ብሕጊ ይምርሑ።

ለ) ኣብ ኣኼባታት ብስሩዕ ምክፋል

ሐ) ኣብ ዘድልየሉ ቦታን እዋንን ምስጢር ምሕላው

መ) ነዚ ዓንደ-ሕጋዊ/ቅዋማዊ መቓን ምኽባር

ረ) ናብ ጨንፈሮም ጸብጻብ ምቕራብ

ሰ) ሓድነት፣ ስነ-ስርዓትን ቅንዕናን ምድንፋዕ

## 7. ዓንቀጽ 7 – መሪሕነት ቤት ምኽሪ

ቤት ምኽሪ ካብ ኣባላቱ ነዞም ዘስዕቡ ይመርጽ፤

ሀ) ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ

ለ) ምክትል ኣፈ ጉባኤ

ሐ) ጸሓፊ ቤት ምኽሪ

## 8. ዓንቀጽ 8 – ምምራጽን ምእላይን ኣፈ-ጉባኤ

### 8.1 መስርሕ ምርጫ

ኣፈ-ጉባኤ ብሕቡእን (secret ballot) ኣብዝሓ ድምጽን (simple majority) ይምረጽ።

ሀ) ኣፈ-ጉባኤ ብቤት ምኽሪ ብሕቡእ ድምጺ ይምረጽ።

ለ) ምርጫ በዚ ቅርጺ-መቃን/framework ዝካየድ ኮይኑ ካልእ ዕቃቤታት እንተዘይሃልዩ፡ ብ ኣብዝሓ ድምጺ ይውሰን።

ሐ) እቲ ምርጫ ኣብ ከምዚኦም ዝስዕብ ኩነታት ይካየድ፤

- i ናይ መጀመርታ ኣኼባ ሓድሽ ዝተመስረተ ቤት ምኽሪ ክኸዉን ከሎ፣ ወይ.
- ii ክፍቲ ቦታ ኣፈ-ጉባኤ ምስ ዝፍጠር።

መ) ብሕጋዊ መስርሕ ዝተመርጸ ግዝያዊ ኣቦ መንበር ንመስርሕ ምርጫ ይከታተል።

ሰ) ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ዝድለ ኣብዝሓ ድምጺ ኣብ ዘይረኸበሉ ሕጹይ ኣብ መንጎ መሪሕ ሕጹያት ተኸታታሊ ድምጺ ምሃብ ይካየድ።

### 8.2 መምዘኒ ብቕዓት አፈ-ጉባኤ

ብግቡእ ዝተሓጽዩ ኣባላት ቤት ምኽሪ ጥራይ እዮም ንምርጫ ብቑዓት ዝኾኑ። ሓደ ሕጹይ ኣፈ-ጉባኤ፤

ሀ) ብግቡእ ዝተሓጽየ ኣባል ቤት ምኽሪ ክኸውን

ለ) ኣብ ጽቡቕ ስነምግባራዊ ደረጃ ኣባልነት ዝኾነ፡ ንጡፍን ዝኾነ ዲሲፕሊናዊ እገዳ ዘይብሉ ክኸውን

ሐ) ናይ ኣመራርሓ ብቕዓትን ዘይሻራዊነት ጽኑዕ መትከል ዘለዎ ክኸዉን

መ) ብዛዕባ ቅዋማዊ ቅርጽን ኣሰራርሓ ሕግታትን እኹል ኣፍልጦ ክህልዎ

ረ) ተቓራኒ ወይ ምስ መትከላት እዚ ቤት ምኽሪ ግንባር ዝጻረር ረብሓ ይኹን ዘይሰናይ ናይ ስራሕ መደባት ዘይምሓዝ (ኣዲቓሙ ተሓቢሩ ፍቃድ እንተዘይረኺቡ)

ሰ) ብዓንዲ-ሕጊ ቤት ምኽሪ ዝተቐመጠ ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ መዐቀኒታት ምምላእ

### 8.3 መስርሕ ሕጹይነት ኣፈ-ጉባኤ

ሀ) ምሕጻይ ኣፈ-ጉባኤ ቅድሚ ኣኼባ ምርጫ ተወዲኡ ብጽሑፍ ክቐርብ ኣለዎ።

ለ) ነፍሲ ወከፍ ሕጹይ እንተወሓደ ብ 3 ኣባላት ቤት ምኽሪ ክድገፍ ኣለዎ: ብ 5 ደማ ውዱቕ ይኸውን።

ሐ) ሕጹያት ነቲ ዝቐርበሎም ሕጹዩነት ምቕባሎም ብወግዒ የፍልጡ።

መ) ናይ ምሕጻይ ገዜ ገደብን ምርግጋጽ መስርሕ ሕጽያን ቅጥዒ/ሕጊ ክቐርብ ይኽእል ኢዩ።

### 8.4 ዕድመ ስልጣን ኣፈ ጉባኤ

ኣፈ-ጉባኤ ብመሰረት እቲ ዝተቐመጠ ሕጊ ን 2 ዓመት የገልግል።

ሀ) ኣፈ-ጉባኤ ብመሰረት ሕጊ ዝተቐመጠ ውሱን ግዜ የገልግል።

ለ) ኣፈ-ጉባኤ ንዳግማይ ንምርጫ ብቑዕ ኮይኑ ክቕረብ ይኽእል እዩ።

ሐ) ኣፈ-ጉባኤ ንቤት ምኽሪ ክሳብ፤

i) ግዜ ስልጣኑ ዝውድእ፣

ii) ካብ ስልጣኑ ዝለቅቕ፣

iii) ብቤት ምኽሪ ዝእለ፣ ወይ

iv) ኣባልነት ቤት ምኽሪ ምስዝስእን/ዘጥፍእ ይመርሕ።

### 8.5 ክፍቲ ቦታ ስራሕ ቤት ጽሕፈት ኣፈ-ጉባኤ

ቤት ጽሕፈት ኣፈ-ጉባኤ ኲፉት ኮይኑ ተባሂሉ ዝእወጅ ኣፈ-ጉባኤ፤

ሀ) ካብ ስልጣኑ ምስ ዝለቅቕ

ለ) ብቤት ምኽሪ ምስዝእለ

ሐ) ዓቕሚ ምስዝስእን

መ) ግዴትኡ/ሕጋውነቱ ምስዘጥፍእ (Loss of eligibility)

ረ) ብሞት ምስ ዝፍለ።

ይኸዉን።

ሓድሽ ምርጫ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብምክያድ መተካእታ ይግብር።

### 8.6 መስርሕ ምእላይ ኣፈ-ጉባኤ

ኣፈ-ጉባኤ ብኽልተ ሲሶ (2/3) ብዝሒ ድምጺ ብዝድገፍ ናይ እምነት ምጉዳል ምሕጽንታ ክእለ ይኽእል።

ሀ) ኣፈ ጉባኤ ብናይ እምነት–ኣልቦ/ጉድለት ኣብዝሓ ድምጺ ቤት ምኽሪ (motion of no confidence) ክእለ ይኽእል።

ለ) እቲ ምሕጽንታ፤

i) ብጽሑፍ ክቐርብ፣

ii) ንጹር ምኽንያት ምእላይ ምግላጽ፣

iii) እንተወሓደ ብኽልተ ሲሶ (2/3) ኣባላት ዝድገፍ ክኸውን ኣለዎ።

ሐ) ኣፈ-ጉባኤ መልሲ ክህብ ርትዓዊ ዕድል ይወሃቦ።

መ) ምእላይ ኣፈ-ጉባኤ ናይ ክልተ ሲሶ (2/3) ብዝሒ ኣባላት ቤት ምኽሪ ኣብ'ቲ መስርሕ እቲ ፍጻሜዝርከቡን ድምጾም ዝሀቡን የድሊ።

ረ) ምእላይ ኣፈ-ጉባኤ ብሕቡእ ድምጺ ምሃብ ይካየድ።

### 8.7 ምኽንያታት ምእላይ ኣፈ-ጉባኤ

ነዞም ዝስዕቡ መበገሲታት ከጠቓልል ይኽእል እዩ፤

ሀ) ከቢድ ምጥሓስ ዓንድ-ሕጋዊ ቅርጽን ደንብን

ለ) ስልጣን ብዘይግቡእ ምጥቃም

ሐ) ብቀጻሊ ንዝተወሃቦ ስራሕ ዘይምፍጻም

መ) ዘይሻራዊነት/ገለልትነት ምጥፋእ

ረ) ዘይስነ-ምግባራዊ ግጉይ ተግባር ምፍጻም

ሰ) ኣፈጻጽማ ስራሕ ዝጸሉ ዓቕሚ ዘይምህላው

### 8.8 ግዝያዊ ኣፈ-ጉባኤ

ሀ) ኣፈ-ጉባኤ ንግዚኡ ኣብ ዘይብሉ እዋን ምክትል ኣፈ-ጉባኤ ይመርሕ።

ለ) ክልቲኦም ኣብ ዘይርከበሉ እዋን ድማ ጸሓፊ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይመርሕ።

ሐ) ጸሓፊ ኣብ ዘይርከበሉ እዋን ድማ ብመሰረት ሕጊ ኣቦ መንበር ኮይኑ ክመርሕ ዝኽእል ኣባል ብ ቤት-ምኽሪ ይምዘዝ።

## 9. ዓንቀጽ 9 – ስራሕ ኣፈ-ጉባኤ

ኣፈ-ጉባኤ፤

ሀ) ኣኼባታት ቤት ምኽሪ ይመርሕ

ለ) ስርዓት፣ ገለልትነትን ኣገባባዊ ቅንዕናን ምርግጋጽ

ሐ) ሕግታት ኣሰራርሓ ምትርጓም

መ) ውሳነታት ምእዋጅ

ረ) ብትካላዊ መንገዲ ንቤት ምኽሪ ምውካል።

## 10. ዓንቀጽ 10 – ምክትል ኣፈ-ጉባኤ

ምክትል ኣፈ-ጉባኤ ንኣፈ-ጉባኤ ይሕግዝን ንሱ ኣብዘይህልወሉ ግዜ ድማ ንዕኡ ተኪኡ ናቱ ስራሕ ይወሰድ።

## 11. ዓንቀጽ 11 – ኣኼባታት ቤት-ምኽሪ

### 11.1 ስሩዕ ኣኼባታት

ቤት ምኽሪ ኣብ ሰለስተ (3) ወርሒ ሓደ ግዜ ስሩዕ/ምዱብ ኣኼባ ይእከብ።

### 11.2 ፍሉይ ኣኼባታት

ፍሉይ ኣኼባታት ኣብ ዘድልየሉ እዋን ብሕጊ እዚ ቅዋማዊ ቅርጺ-መቓን ተጠቂምካ ክጽዋዕ ይከኣል።

### 11.3 ምላእተ ጉባኤ (Quorum)

ቤት-ምኽሪ ንምላእተ ጉባኤ ዝኸዉን ቁጽሪ ብብዝሒ (50+1) ተሳተፍቲ ኣኼባ ወይ ጉባኤ ይውሰን።

## 12. ዓንቀጽ 12 – ውሳነ ምሃብ

### 12.1 ሓፈሻዊ ውሳነታት

ውሳነታት ብተራ ኣብዝሓ ድምጺ ይውሰዱ (ካልእ ፍልይ ዝበለ ዕቃቤታት እንተዘይሃልዩ)።

### 12.2 ጉዳያት ዓንድ-ሕጊ

ምምሕያሻትን መሰረታዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን እኹል ናይ ክልተ ሲሶ (2/3) ብዝሒ ድምጺ ይሓትት።

## 13. ዓንቀጽ 13 – ስልጣንን ዕማማትን ቤት ምኽሪ

ሀ) ፖሊሲታት፡ መደባትን ስትራተጂታትን ምጽዳቕ

ለ) ምርጫ መሪሕነት / ምርግጋጽ

ሐ) ስራሕ ፈጻሚ ምክትታል

መ) ቤት ምኽሪ፣ ብመሰረት ዕላማታትን መትከላትን እዚ ዓንዲ ሕጊ ዝምርኮሰሉ ፖለቲካዊ ቻርተርን ውሳኔታት ዋዕላ ግንባርን ክቕየድን ንምዕዋቱ ክሰርሕን ግዴታ ኣለዎ።

## 14. ዓንቀጽ 14 – ዝምድና ኣመሓደርቲ ኣካላት

ሀ) ቤት ምኽሪ – ዝለዓለ ሓጋጊ ስልጣን

ለ) ማእከላይ ኮሚቴ/ሸማግለ – ስትራተጂካዊ ኣመራርሓ

ሐ) ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት – ትግባረ

መ) ክፍልታት – ተግባራዊ ሓላፍነት

ረ) ተቖጻጻሪ – ምኽባር/ ስነ-ስርዓት

## 15. ዓንቀጽ 15 – ተግባራዊ ክፍልታት

ክፍልታት ቤት ምኽሪ ከምዚ ዝስዕብ ይጸድቑ፡

ሀ) ዲፕሎማሲን ፖለቲካዊ ጉዳያትን

ለ) ክፍሊ ፋይናንስ

ሐ) ክፍሊ ሚድያን ህዝባዊ ርክባትን

መ) ክፍሊ ውደባ

ረ) ክፍሊ ደቀኣንስትዮ

ሰ) ኮሚቴ ሕግን ስነ-ስርዓትን

## 16. ዓንቀጽ 16 –ምሕደራ ክፍልታት/ ቀወምትን ግዝያውያንን ኮሚቴ

ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ፣

ሀ) ኣብ ትሕቲ ዝጸደቐ ዕማማት ይሰርሕ

ለ) ውሽጣዊ ኣገባባት ተሓታትነት ይሕልው.

ሐ) በብእዋኑ ጸብጻብ ይቕርብ

መ) ብመሰረት መምርሒታት ቤት ምኽሪ ይሰርሕ

## 17. ዓንቀጽ 17 – ምቕባል ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን

### 17.1 ስልጣን

ቤት ምኽሪ ወከልቲ መሻርኽቲ ፖለቲካውያን ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ክቕበል ይኽእል እዩ።

### 17.2 ቅጥዒ መእተዊ ወድባውያን ምንቅስቓሳት

ምእታው ውዱባት/ምንቅስቓሳት ናብ ቤት ምኽሪ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ መሰረት ይግበር፤

ሀ) ሕጋውነትን ውድባዊ ተኣማንነትን ዘልዎም

ለ) ፖለቲካውን ስነ-ሓሳባውን ምውህሃድ/ምትእስሳር/ምትሕንፋጽ (Political and ideological compatibility) ዘረኣዩ

ሐ) ስነ-ምግባራውን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ግምት ዘእተወ

መ) ውድባዊ ርግኣትን ቀጻልነትን ዘለዎም

ረ) ናይ ጸጥታን ምሉእነትን (integrity) ሓደጋታት ገምጋም ኣብ ግምት ዘእተወ

### 17.3 ቅጥዒ መእተዊ ሲቪካውያን ማሕበራት

መዐቀኒታት/ቅጥዒ ሲቪካዊ ማሕበር

1 ጸረ ስርዓት ህግደፍ ጭቡጥ ተጋድሎ ዘካይድ።

2 ብዝሒ ኣባላትን: ምሕደራ ቦርድ/ኮሚቴ ዘሎዎ።

3 ዝተፈጸመ ፕሮጀክታት መደብ ዕዮን ሕገ ህንጻን ዘሎዎ።

4. ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎ።

## 17.4 መስርሕ ምቕባል ውድባትን ሲቪካውያን ማሕበራትን

ምቕባል ውድባት ሰነድ፣ ምግምጋም፣ ምምይያጥን ፍቓድ ቤት ምኽሪን የድሊ።

## 17.5 መመልከቲ መእተዊ ውድባትን ሲቪካውያን ማሕበራትን

ዝኾነ ኣብ ቤት ምኽሪ ውክልና ዝደሊ ናይ ደገ ምንቅስቓስ፣ ሲቪካዊ ውዳበ፣ ወይ ውድብ ወግዓዊ ናይ ጽሑፍ መመልከቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣፈ-ጉባኤ ወይ ንዝተመደበ ሴክረታርያ የቕርብ።

## 17.6 ዘድሊ ሰነዳት

እቲ ኣመልካቲ ውድባዊ ምንቅስቓስ ይኹን ሲቪካዎ ማሕበር፤

ሀ) ወግዓዊ ስም፡ ሕጋውነት ኣመሳስርትኡ (ሓበሬታ እንተልዩ፡ እንታይ ዓይነት ሕጋዊ ፍቓድ (ንኣብነት ከም ዘይመንግስታዊ፤ ሲቪካዊ፤ ፖልቲካዊ ምንቅስቓስ ወይ ክኣ ናይ ግሊ ማሕበር/ትካል ... ወዘተ)) ፡ ከምኡ'ውን ንርክብ ዝጥቀምሉም ዝርዝር ኣድራሻ (contact details)።

ለ) መስራቲ ቻርተር፡ ቅዋም፡ ወይ ኣመሓደርቲ መትከላት (governing principles)

ሐ) ኣቃውማ ኣመራርሓን መቓን (framework) ውሳነን

መ) ዝተረጋገጸ ናይ ኣባልነት መሰረት ወይ ውደባዊ ኣሰር (organizational footprint)

ረ) መግለጺ ፖለቲካዊ መትከላትን ዕላማታትን

ሰ) ምስ መትከላት ግንባር ምትእስሳር ምእዋጅ

ሸ) ዘሎ ምትእስሳራት/ዝምድናታት፣ ሽርክነትን ምንጪ ምወላን ብንጹር ምግላጽ

## 17.7 መባእታዊ ገምጋም

ሴክረታርያ መመልከቲ ጽሑፍ ምስ በጽሖ፤

ሀ) መመልከቲ ጽሑፍ ከምዝተቀበለ ኣፍልጦ ምሃብ

ለ) ምሉእነት ሰነድ ምርግጋጽ

ሐ) ነቲ መመልከቲ ናብ ቁጽጽር/ምርግጋጽ ኮሚቴ የመሓላልፍ

## 17.8 ገምጋም ግቡእ ትኩረት

ሽማግለ ምቁጽጻር / ምርግጋጽ ድማ፤

ሀ) ሕጋውነትን ውደባዊ ተኣማንነትን

ለ) ፖለቲካውን ስነ-ሓሳባውን ምትእስሳር

ሐ) ስነ-ምግባራውን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ግምት ዘእተወ

መ) ውደባዊ ምርግጋእን ቀጻልነትን

ረ) ምግምጋም ሓደጋ ጸጥታን ምልኡነትን (Security and integrity risk assessment)

ሽማግለ መብርሂ ወይ ተወሳኺ ሰነድ ክሓትት ይኽእል።

### 17.9 ለበዋ ኮሚቴ

ድሕሪ ገምጋም፡ ሽማግለ ብጽሑፍ ጸብጻብ ናብ ቤት ምኽሪ የቕርብ፡ እዚ ድማ፤

ሀ) ጽሟቕ ርኽበታት (summary of findings)

ለ) ዝተለለዩ ሓደጋታት ወይ ስክፍታታት

ሐ) ለበዋ፡ ምጽዳቕ / ቅድመ ኩነት ምጽዳቕ / ምንጻግ

### 17.10 ምይይጥ ቤት ምኽሪ

ቤት ምኽሪ፤

ሀ) ንንዝቐረበ ጸብጻብ ኮሜቴ ምኪታዕ

ለ) ኣመልካቲ ውድብ/ህብረት መብርሂ/መግለጺ (presentation) ንሽቕርብ ዕድል ምሃብ (ኣድላዪ እንተኮይኑ)

ሐ) ናይ ሕቶን ርኢቶን ዕድል ንኣባላት ቤት ምኽሪ ምፍጣር/ምፍቃድ (Permit member interventions and questions)

### 17.11 ውሳነ

ምእታው ኣመልካቲ ውድባት/ስቪካውያን ማሕበራት ናብ ቤት ምኽሪ ግንበር፤

ሀ) ድምጺ ቤት ምኽሪ የድሊ።

ለ) ኣብዝሓ ድምጺ ዉሳነ የድሊ።

ሐ) ካብ 50 ኣባላት ንላዕሊ ዘለዋ ማሕበር/ውድብ ሓደ ወክልና ይረኽቡ፤ ካብ 100 ንላዕሊ ደማ ክለተ ውክልና ይረኽቡ። ኩሉ ቅጥዒታት ኣማሊኡ ግን <50 ኣባላት ዘለዎ ውድብ/ማሕበር እቲ ቤት ምኽሪ ኣድላይነቱ ዕዙዝ ኮይኑ ምስዝረኽቦ ኣብ ፍሉይ ኣኼባ ናይ ምቕባል ውሳነ ክሕልፍ ስልጣን ይህልዎ።

### 17.12 ምእታው ማሕበራት ብቅድመ-ኩነት

ቤት ምኽሪ ግዝያዊ ወይ ቅድመ-ኩነት ዘለዎ ጌሩ ማሕበራት ክቅበል ይኽእል እዩ። ብመሰረት እዚ ድማ ቤት ምኽሪ ነዚኦም ዝስዕቡ ኣብ ግምት ይእቱ:

ሀ) ናይ ትዕዝብቲ ግዜ

ለ) ናይ ምኽባር መዐቀኒታት

ሐ) በብእዋኑ ዝግበር ምግምጋም

### 17.13 መሰላት/ግቡኣት ትካላት ኣብ እዋን ምእታው

ተቐባልነት ዝረኸባ ትካላት፤

ሀ) ብሕግታት ቤት ምኽሪ ከም ዝተገልጸ ናይ ውክልና መሰል ይረክብ

ለ) ቅዋምን ኣሰራርሓን ቤት ምኽሪ ምኽባር

ሐ) ምስጢራዊነትን ግዴታታት ስነ-ስርዓትን ምኽባር

### 17.14 ምኽንያታት ምእጋድ ወይ ምድስካል

ምእታው ውድባት/ሲቪካውያን ማሕበራት ናብ'ዚ ቤት ምኽሪ ክቋረጽ ወይ ክስረዝ ዝኽእለሉ ምኽኒያታት፤

ሀ) ግጉይ መግለጺ ወይ ናይ ምትላል መግለጺታት ምስ ዝቐረብ (Misrepresentation or fraudulent disclosure)

ለ) ምጥሓስ መትከላት ቤት ምኽሪ ምስ ዘጋጥም

ሐ) ስነ-ምግባራዊ ግጉይ ተግባር ምስ ዝፈጸሙ

መ) ናይ ጸጥታ ሓደጋታት ምስዝህሉ

ረ) ቅጥዕታትን ሕግን ቤት ምኽሪ ብቀጻሊ ምስዘይኽበር

ንኸም'ዚኦም ዝኣምሰሉ ጥሕሰት ወይ ሓደጋታት ቤት ምኽሪ ዳግመ ግምትን ድምጺ ምሃብን የድሊ።

### 17.15 መሰርሕ ይግባይ

ምቕባሉ ዝተነጽገ፡ ዝተኣገደ ወይ ዝተሰረዘ ትካል ብመሰረት ደንቢ ቤት ምኽሪ ይግባይ ክቐርብ ይኽእል።

## 18. ዓንቀጽ 18 – ስነ-ምግባር

ኩሎም ኣባላት ቤት ምኽሪ ነዞም ዝስዕቡ መትከላት ይኽተሉ፤

ሀ) ቅንዕና

ለ) ስነ-ስርዓት

ሐ) ሓድሕዳዊ ምኽብባር

መ) ምስጢራዊነት

ረ) ትካላዊ ተኣማንነት

## 19. ዓንቀጽ 19 – ግሉጽነትን ተሓታትነትን

ቤት ምኽሪ፤

ሀ) ናይ ጸብጻብ ግዴታታት

ለ) ፋይናንሳዊ ግሉጽነት

ሐ) ናይ ምኽትታል ኣገባባት

መ) ስነ-ምግባራዊ ምሕደራ የረጋግጽ።

## 20. ዓንቀጽ 20 – ምምሕያሻት

እዚ ዓንደ ሕጊ/ ቅዋማዊ ቅርጺ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ክመሓየሽ ይኽእል፤

ሀ) ወግዓዊ እማመ ወይ ሕቶ ብምቕራብ

ለ) ግቡእን ዝተወደበ ስሩዕ ምይይጥ

ሐ) ብቅቡል ኣብዝሓ ድምጺ ምጽዳቕ

## 21. ዓንቀጽ 21 – ማእከላይ ሽማግለ

### 21.1 ዕላማታት ማእከላይ ሽማግለ ግንባር

እዚ እቲ ዝለዓለ ናይ ምውሃሃድ ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል ነቲ ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተርን መርሓ-ጐደናን ውሳኔታት ዋዕላ ግንባር ዝሰፈረ ሓፈሻዊ መትከላት መሰረት ብምግባር፡ ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብቕጽበት ካብ ስልጣን ንምእላይ ዓቕሚ ኤርትራውያን ኣወሃሂዱካ ብሓባር ንምቕላስ ዕማማት ምውዳብን ምፍጻምን ይኸውን።

### 21.2 ኣቃውማ ማእከላይ ሽማግለ

ማእከላይ ሽማግለ ግንባር ዝሓቑፎም ኣካላት:

ማእከላይ ሽማግለ ግንባር ብቕንዱ ኣብ ዓውዲ ተቓውሞ ቃልሲ ኤርትራ ብዝነጥፉ መሰረቲ ባእታታት ዝቖመ'ዩ። ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተር ዝሰፈረ ሓፈሻዊ መትከላትን ዕላማታትን ግንባር ምሉእ ብምሉእ ዝሰማምዑ ባእታታት፡ ብውሳኔ ግንባር ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽ ክጽንበሩ ይኽእሉ።

### 21.3 ዕድመ ማእከላይ ሽማግለ

መዋእል ማእከላይ ሽማግለ ግንባር ብገስጋስ ቃልስን ብመድረኽን ይውሰን - ቀጻልነቱ ድማ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ግንባር ብዝበጽሖ ሓባራዊ መደምደምታ ይርአ።

### 21.4 ቅርጺ፡ ስልጣንን ዕማማትን ማእከላይ ሽማግለ

ማእከላይ ሽማግለ (Central Committee) ን ግንባር መዓልታዊ ክመርሕን ከካይድን ብመስረቲ (founders) ኣባላት ዝቖመ ኣካል - ንኣባላትን ጸጋታትን ይከታተል፡ ንስትራተጂ ይመርሕ፡ ከምኡ'ውን ካብቲ መስራቲ ዋዕላ ዝመጹ ውሳኔታት ኣብ ግብሪ የውዕሎ። ኣብ መስራቲ ዋዕላ ዝወሰድዎ ውሳነ ኣባላት ስዒቡ፡ ከም ሓባራዊ መሪሕነት ግንባር 'ውን ይሰርሕ።

ብመሰረት እዚ ሕጊ ሰነድ ማእከላይ ሽማግለ ተልእኾ ግንባር ንምዕዋት ብተግባር ምስራሕ እዩ። ምምሕዳርዊ ምትሕብባር እናገበር ድማ እዚ ዝስዕብ ሓፈሻዊ ስልጣንን ዕማማትን ይህልዎ:--

1 በዚ ሰነድ'ዚ ንዝተዋህበ ስልጣንን ተግባራትን ምፍጻም፤ ነዞም ተዘርዚሮም ዘለው ዕላማታት ብቕዳምነት ሰሪዑ፡ ንምትግባሮም ዘኽእሉ ዝርዝራዊ ዕማማት ሓንጺጹ ዘወሃህድ ሓባራዊ መሪሕነት (Collective Leadership) የቕውም።

2 ሓፈሻውን ዝርዝራውን ትልምታት ናብ ግንባር፣ ቤት ምኽሪ ኮነ መሻርኽቲ ኣካላት ዝቐርብ ጽሑፋት የዳሉን የጽድቕን።

3 ውሽጣዊ ሕጊ የዳሉን የጽድቕን። ንዓውደ-ስርሑ ብዝምልከት ዝወጹ ሕጋጋትን መምርሒታትን ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ምፍጻም፣

4 ተመኩሮ፣ ብልጫታትን ኣድማዕነትን ንመሪሕነት ዝተመዘዙ ኣካላት ኣብ ግምት ብምእታው ናይ ስራሕ ምክፍፋል ይገብር።

5 ካብ መንጎ ኣባላቱ ኣመራርሓ ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታት: ኣቦ መንበር፡ ምክትል ኣቦ መንበር፡ ጸሓፍን ተሓዚ ገንዘብን ይመርጽ።

6 ኣባላቱ ኣብ 4 ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታት ይከፋፍል (ን ዝርዝር ነኡሰ ዓንቀጽ 21.5 ተመልከት)።

7 ምድላው ትልምታት ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታት: ጠቕላላ ባጀት የጽድቕን ሓፈሻዊ ናይ ገንዘብ ቅጥዒ ይሰርዕን።

8 ከፍጸሙ ብዛዕባ ዘለዎም ዕማማት ናይ ግዜ ሰሌዳ ሰሪዑ: ዝስዕብ ናይ ኣኼባ ቆጸራታት የዳሉን የጽድቕን ይፍጽምን።

9 ናይ መወዳእታ ጸብጻብ ስርሓት የጽድቕ። ማእከላይ ሽማግለ ኣብ ሓደ ወርሒ ሓደ ግዜ ምዱብ (ስሩዕ) ኣኼባ የሰላስል።

10 ማእከላይ ሽማግለ ህጹጽ ኩነታት ምስ ዘጋጥም ካብ ስሩዕ ኣኼቡኡ ወጻኢ ህጹጽ ኣኼባ ክጽውዕ ይኽእል።

### 21.5 ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ማእከላይ ሽማግለ

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብ ኣቦ መንበር፡ ምክትላት ኣቦ መንበርን ብዋና ጸሓፍን ተሓጋገዝትን ዝቖመ ይኸውን።

### 21.6 ዕማምን ሓላፍነትን መሪሕነት

**ኣቦ መንበር መሪሕነት**

ሀ: ስሩዕን ህጹጽን ኣኼባታት ይጽውዕን ይመርሕን

ለ: መዓልታዊ ስርሓት ናይ ምሕደራ ኣካልን ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታትን ብዝምልከት ይከታተል።

ሐ: ፋይናንሳዊ ጉዳያትን ዝተፈላለየ ወጻኢታትን የጽድቕ።

መ: ዝምድና ግንባር ምስ ካልኦት መሻርኽቲ የወሃህድ።

ረ: ናብ ተሳተፍትን ኣጋይሽን ንጥፈታት ወይ ውራያት (events) ግንባር ዕድመ ብ ጽሑፍ (Email) የቕርብ።

ሰ: ብስሩዕ መልክዑ ብዛዕባ ስርሓትን ኣካይዳን ግንባር ንኣባላቱን ቤት ምኽሪን የከታትል።

### 21.7 ምክትል ኣቦ መንበር

**ሀ:** ኣቦ መንበር ኣብ ከይዲ ስርሓት ግንባር የሳትፎ።

ለ: ኣቦ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ።

### 21.8 ዋና ጸሓፊ

**ሀ:** ደቓይቕ (Minutes) ወይ ቃለ-ጉባኤ ኣኼባታት ወይ ምንውሑ ንኣባላት ይሕብር።

ለ: ዝተፈላለየ ደብዳቤታት ምስ ኣቦ-መንበር ብምውህሃድ ይጽሕፍን ዝመጹ ደብዳቤታት ይቕበልን ይዕቅብን።

ሐ: ኣስማትን ኣድራሻታትን የዳሉን ርክባት የጣጥሕን።

መ: ንቤት ጽሕፈት ኣድለይቲ ዝኾኑ ነገራት የቕርብ።

ሰ: መዝገብ፣ ፋይላት፣ ማሕተም፣ ሰነዳትን ግንባር ይዕቅብ።

ረ ናይ ንኡሳን ሽማግለታት ጸብጻባት ይቕበልን ምስ ኣቦ መንበር ኣብ ምድላው ሓፈሻዊ ጸብጻብ ይነጥፍን።

### 21.9 ኣቦ-መንበር ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታት

ሀ: ናይ ሽማግለኡ ኣኼባ ይጽውዕን ይመርሕን።

ለ: ኣፈጻጽማ መደብ ክፍለ ስራሕ ሽማግለ ይከታተል።

ሐ: ስራሕ ሽማግለኡ/ክፍሉ ምስ ስርሓት ካልኦት ሽማግለታት/ክፍልታት የወሃህድ።

### 21.10 ዕማምን ሓላፍነትን ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታት

ስራሕን ንጥፈታት ኩለን ክፍለ-ስራሕ ሽማግለታት ዝርዝር ኣብ ናይ ትግባረ መደብ action plan፣ ምስ ዕላማታትን መትከላትን ግንባር ብዝሳነ መንገዲ ይሰፍር።

## 22 ዓንቅጽ 22 – ክፍሊ ዲፕሎማሲን ፖለቲካዊ ጉዳያትን

ምምስራት ክፍሊ ዲፕሎማሲን ፖለቲካዊ ጉዳያትን ብግዳማዊ ዝምድናታት፡ ዲፕሎማስያዊ ጽምዶን ፖለቲካዊ ስትራተጂን ግንባር ሓላፍነት ዝስከም ተግባራዊ ኣካል ኮይኑ ዝምስረት፡-

ሀ: ኣብ ዲፕሎማስያዊን ፖለቲካውን መዳይ ዝተሓንጸጹ መደብ ስረሓት ቤት ምኽሪን ማእከላይ ሽማግለን ኣብ ተግባር ተውዕል።

ለ: ካብ ስምዒታት ነጻ ዝኮነ ኩነታት ንምፍጣር ፓለቲካዊ ህንጸት ብመስርሕ ግሉጽነት ዝመሰረቱ ህዝባዊ ጽምዶን ልዝብን (public engagement and discourse) በብእዋኑ ትውድብን ተካይድን።

ሐ: ንኹሎም ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ኣብ ሓደ ባይታ (platform) ንምምጻእ ዝግበር ቃልሲ ብምዕዳም ሓደ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ንምፍጣር፡ ምትእምማን ንምውሓስ ብቑዕ ስትራተጂ ምርቃቕ መደባት ስራሕ ተተግብርን።

መ: ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ህዝብታትን መንግስታትን ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ሓባራዊ ረብሓታትን ዝተሰረተ ዱልዱል ዝምድናታትን ዘላቒ ሕውነትን ንምህናጽ ይጽዕር።

ረ: ዲፕሎማሲያዊ ኣቀላልሳን ግንዛቤ ክህሉ ብምግባር፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባውን ኣህጉራውን መድረኻት ዝምድናታትን ሽርክነትን ጽልዋ ንምሕዳርን ናይ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ተቐባልነት ንምርካብ ንግንባር ወኪላ ዲፕሎማስያውን ካልእ ንኤርትራውያን ዝምልከት ጉዳያትን ከተሳልጥ ሓላፍነት ትስከም ትኽውን።

ሰ: ብቐጻሊ ናብ ፈጻሚት ሽማግለ / ማእከላይ ሽማግለ ጸብጻብ የቕርብ።

ሸ: ሓለፍቲ ዲፕሎማስን-ፖለቲካውን ጉዳያት ከም ህዝባዊ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ (Public Political Leadership) ናይ ግንባር

ኮይኖም የገልግሉ።

## 23. ዓንቀጽ 23 – ክፍሊ ፋይናንስ

ክፍሊ ፋይናንስ ንፋይናንሳዊ ምሕደራ፣ ፊስካላዊ ቁጽጽር፣ ተሓታትነትን ቀጻልነትን'ቲ ትካል ሓላፍነት ዝስከም ቀንዲ ኣካል ኮይኑ የገልግል። ግሉጽነት፣ ብቕዓትን ምስ ዝጸደቑ ፋይናንሳዊ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ምኽባርን የረጋግጽ።

### 23.1 ኣቃውማ

ክፍሊ ፋይናንስ፤

ሀ፡ ብመሰረት ውዳባዊ ኣሰራርሓ ዝተመዘዙ ወይ ዝተመረጹ ሰለስተ (3) ቀንዲ ኣባላት ይህልዎ።

ለ፡ንውጽኢታዊ ኣሰራርሓ ከም ኣድላይነቱ ኣድለይቲ ተሓጋገዝትን ቴክኒካዊ ከኢላታትን ይመዙ።

ሐ፡ ሞያዊ ፋይናንሳዊ ክእለት ኣብ ዘድልየሉ እዋን ፍሉያት ከኢላታትን ክዋፈሩ ይኽእሉ።

ኩሎም ኣባላት ክፍሊ ቅንዕና፣ ብቕዓትን ንፋይናንሳዊ ተሓታትነት ተወፋይነትን ክርእዩ ኣለዎም።

### 23.2 ውሽጣዊ ኣቃውማ (ጨናፍር)

እቲ ክፍሊ በዞም ዝስዕቡ ጨናፍር ኣቢሉ ይሰርሕ፤

**ሀ፡ ጨንፈር ምምሕዳር:**

ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍሊ ሓፈሻዊ ምውህሃድ፣ ሰነዳት፣ ምድላው ባጀት፣ ፋይናንሳዊ ውጥንን ውሽጣዊ ርክብን ሓላፍነት ዝወስድ።

**ለ፡ ጨንፈር ካዝና:**

ኩሉ ኣታዊታት፣ ወጻኢታት፣ ናይ ባንክ ትራንዛክሽንን ምሕላው ገንዘብን ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ዝወስድ።

**ሐ፡ ጨንፈር ኦዲት:**

ሓላፍነት ነጻ ፋይናንሳዊ ገምጋም፣ ምክትታል ተግባራዊነትን ውሽጣዊ ፋይናንሳዊ ቁጽጽርን ዝወስድ።

ነፍሲ ወከፍ ጨንፈር ብዝምልከቶ ኣመሓዳሪ ኣካል ብዝጸደቐ ብንጹር ዝተነጸረ ኣገባባት ይሰርሕ።

### 23.3 ዋና ሓላፊ ፋይናንስ (CFO)

ዋና ሓላፊ ፋይናንስ፤

ሀ፡ ንኹሉ ፋይናንሳዊ ጉዳያት ናይቲ ትካል ይመርሕን ይቆጻጸርን።

ለ፡ ዓመታዊን ርብዒ ዓመትን ባጀት ንምጽዳቕ ምድላውን ምቕራብን ።

ሐ፡ ምምቕራሕ ባጀት ምክትታልን ወጻኢታት ምስ ዝጸደቑ ትልምታት ዝሰማምዑ ምርግጋጽን።

መ፡ ብመሰረት ፋይናንሳዊ ሕጋዊ ቀይዲ/regulation ፋይናንሳዊ ትራንዛክሽን ፍቓድ ምሃብ።

ረ፡ በብእዋኑ ንፈጻሚት ሽማግለን ቤት ምኽርን ፋይናንሳዊ ጸብጻባት ምቕራብ።

ሰ፡ ምስ ፋይናንሳዊ ፖሊሲታት፣ ሕጋዊ ጠለባትን ስነ-ምግባራዊ ደረጃታትን ምኽባር ምርግጋጽ።

ሓላፊ ፋይናንስ (CFO) ብዝተቐመጠ ውሽጣዊ ቁጽጽር ተገዚኡ ንፋይናንሳዊ ጉዳያት ቀንዲ ፈራሚ ክኸውን ኣለዎ።

### 23.4 ምክትል ሓላፊ ፋይናንስ

ምክትል ሓላፊ ፋይናንስ፤

ሀ፡ ንዋና ሓላፊ ፋይናንስ ኣብ ኩሉ ዝተመደበሉ ስራሕቲ ምሕጋዝ።

ለ፡ ንፍሉያት ጨናፍር ወይ ፕሮጀክትታት ከምቲ ዝተዋህቦም ምክትታል።

ሐ፡ ዋና ሓላፊ ፋይናንስ ኣብ ዘይብሉ እዋን ብስም ይሰርሕ።

መ፡ ንጥፈታት ምድላው ባጀት፣ ምክትታልን ጸብጻብን ምድጋፍ።

### 23.5 ጸሓፊ ክፍሊ

ጸሓፊ ድማ፤

ሀ፡ ኩሉ ኣኼባታትን ፋይናንሳዊ ምይይጣትን ናይቲ ክፍሊ ምምዝጋብ።

ለ፡ ዝተወደበ ፋይናንሳዊ ሰነዳትን ደብዳቤታትን ምሕላው።

ሐ፡ ወርሓዊ ጸብጻብ ንጥፈታትን ፋይናንስን ኣዳልዩ ምቕራብ።

መ፡ ፋይናንሳዊ መዛግብቲ ብግቡእ ምምዝጋብን ምዕቃብን ምርግጋጽ።

### 23.6 ዕዮታት ተሓዝ ካዝና

ካዝና ድማ፤

ሀ፡ ምእካብ ክፍሊት ኣባልነት፣ ወፈያታት፣ ድጋፍን ካልእ ሕጋዊ ኣታዊታትን ምምራሕ።

ለ፡ ናይ ኩሉ ፋይናንሳዊ ትራንዛክሽን ቅኑዕ መዝገብ ምሕላው።

ሐ፤ ፍቓድ ዘለዎ ክፍሊትን ምምላስ ገንዘብን ምስራሕ።

መ፡ ግቡእ ኣገባብ ባንክ ምርግጋጽን ናይ ውዳበ ገንዘብ ምሕላውን።

ረ፡ ወርሓዊ መግለጺ ኣታዊን ወጻኢን ምድላው።

ኩሎም ስርሓት ካዝና ዝጸደቑ ናይ ፋይናንስ ቁጽጽር ኣገባባት ክኸተሉ ይግባእ።

### 23.7 ዕማማት ጨንፈር ኦዲት ነዞም ዝስዕቡ ነጥፈታት ተካይድ፤

ሀ፡ ውሽጣዊ ፋይናንሳዊ ኦዲት ርብዒ ዓመት ምክያድ።

ለ፡ ምስ ዝጸደቑ ባጀትን ፋይናንሳዊ ቁጽጽር/ሕጋጋታትን (regulations) ምኽባር/ምግምጋም።

ሐ፡ ጽፈት/ልክዕነት (accuracy) ፋይናንሳዊ መዛግብትን ጸብጻብን ምርግጋጽ።

መ፡ ፋይናንሳዊ ዘይስሩዕነት ኣለሊኻ መአረምታ ስጉምትታት ክውሰድ ምኽሪ ምሃብ።

ረ፡ ጽሑፍ ጸብጻብ ኦዲት ናብ ዝምልከቶ ኣመሓዳሪ ኣካል ምቕራብ።

ጨንፈር ኦዲት ዘይሻራዊ ክትትል ንምርግጋጽ ብናጻ ይሰርሕ።

## 24. ዓንቀጽ 24 – ክፍሊ ሚድያን ህዝባዊ ርክባትን

ክፍሊ መራኸቢ ብዙሓንን ርክብ ህዝብን (ካብዚ ንደሓር "ክፍሊ") ከም ሓደ ተግባራዊ ኣካል ናይ ምዝርጋሕ ሓበሬታ፣ ስትራተጂ ሚድያ፣ ህዝባዊ ርክብን ምሕደራ ዝና ግንባርን ሓላፍነት ዝስከም ተግባራዊ ኣካል ኮይኑ ዝምስረት፦

ሀ: እዋናዊ ፍጻሜታት እናተኸታተለ፡ ንውሽጣዊ መነቓቕሒ ዝምልከት ንህዝቢ ዝዝርጋሕን ፈላልዩ የቕርብ።

ለ: ናይ ሚድያ ስትራተጂ ምምዕባልን ምትግባርን፡ ስርሓት ዜናን ማሕበራዊ መራኸቢታትን፡ ፕረስን ዲጂታላዊ ጽምዶን የወሃህድ።

ሐ: ምስ ካልኦት ክፍልታት ብምምኽኻር እዋናዊ መልእኽታት ብምድላው ጽዑቕ ጎስጓሳት የካይድ።

መ: ህዝባዊ ርክባትን ወግዓዊ መልእኽትታትን ይመርሕ፡ ንጥፈታት ግንባር ይሰንድ።

ረ፡ ንውሽጣውን ግዳማውን ዋሕዚ ሓበሬታ ይድግፍ።

ሰ፡ ወግዓዊ ሕትመታትን ውጽኢታት ሚድያን የጽድቕ።

ሸ፡ ምድላው ትሕዝቶ መልእኽቲ ፖሊሲን ትረኻታትን ሓላፍነት ይወሰድ።

ቀ፡ ንጌጋ ሓበሬታን ሓደጋታት ዜናን መልሲ ምሃብ። ህዝባዊ ምስልን መልእኽቲ ምትእስሳርን ግንባር ምሕላው።

## 25. ዓንቀጽ 25 – ክፍሊ ውደባ

ሀ: ህዝብን ሃገርን ማእከል ዝገበረ፡ ቃልሲ ኣብ ምሕያል፡ ምውዳብን ምኑስጓስን ዘተኮረ መደባት ሰሪዑ ብሓላፍነት ይሰርሕ።

ለ: ብማእከላይ ሽማግለ ዝተሓንጸጹ መደባት ኣብ ተግባር ክውዕሉ ይገብር።

ሐ፡ ኣብ መምዘኒታት ተመርኲሱ ኣባላት ብምጽራይ ይምልምልን ይውድብን።

መ: መዝገብ ኩሎም ኣባላት የዳሉን ይከታተልን።

ረ: ህዝቢ ክለዓዓልን ተቓውሞኦም ኣብ ምውዳድን ምትሕብባርን፣ ሓቢርካ ኣንጻር ህግደፍ ብሰላማዊ ሰልፍታትን ሰሚናራትን ፈስቲቫላትን እንዳወደብካ....ወዘተ ምልዕዓል ምግባር።

ሰ: ገንዘባውን ነገራውን ጸጋታት ንምርካብ ስሩዕ ኣበርክቶ ኣባላት ከምዝህሉን ህዝባዊ ጎስጓሳት ከምዝካየድን ይገብር።

ሸ፡ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ጎኒ ግንባር ዓሲሉ ኪቃለስ ንምስሓቡ ብኹሉ መዳያት ቃልሲን ጥበብን ተበላሒቱ ይሰርሕ።

## 26. ዓንቀጽ 26 – ክፍሊ ደቂ-ኣንስትዮ

### 26.1 ምምስራት

ክፍሊ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ቤት ምኽሪ ግንባር EBRF

### 26.2 ዕላማ

እቲ ክፍሊ፤

ሀ) ኣብ ኩሉ ደረጃታት እቲ ትካል ውክልናን ምትእትታውን ደቂ-ኣንስትዮ ክጣበቕ

ለ) ኣመራርሓ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ምሕያልን ህንጻት ዓቕምን ምድንፋዕ

ሐ) ንጾታ ዝምልከት ፖሊሲታትን መደባትን ምክትታልን ምድጋፍን እዩ።

መ) ኣብ ውሽጢ ግንባር ንደቂ-ኣንስትዮ ዝምልከት ስክፍታታትን ብድሆታትን ምፍታሕ

ረ) ናይ ግንባር መትከላት ማዕርነትን ዘይምፍልላይን ምኽባር ምርግጋጽ

## 26.3 ቅርጺ መደብ ስራሕ

እቲ ክፍሊ ነዞም ዝስዕቡ ዝሓቖፈ ይኸውን፤

ሀ) ዋና ዳይረክተር

ለ) ምክትል ዋና ዳይሬክተር

ሐ) ጸሓፊት

መ) ከም ኣድላይነቱ ናይ ፕሮግራም ሓለፍትን ኣወሃሃድትን

ቤት ምኽሪ ኣብ ስርሒታውን ፕሮግራማውን ድሌታት መሰረት ብምግባር ተሓባበርቲ ክውስን ይኽእል።

## 26.4 ቀንዲ ዕማማት

እቲ ክፍሊ፤

ሀ) ኣብ ኩሉ ውዳበ ደረጃታት ኣመራርሓን ውክልናን ደቂ-ኣንስትዮ ምድንፋዕ

ለ) ንደቂ-ኣንስትዮ ዝኸውን ናይ ምምራሕ፣ ስልጠናን ዓቕሚ ምዕባይን መደባት ምምዕባል

ሐ) ኣብ ውሽጢ ኩሎም ክፍልታት ጾታዊ ምዕሩይነትን ምትእትታውን ምክትታል

መ) ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ኣድልዎን ምግፋዕን ዝከላኸሉ ፖሊሲታት ክጣበቕ

ረ) ድምጺ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ውሳነታት ንኽካተት ምስ ካልኦት ክፍልታት ብምውህሃድ

ሰ) ብዛዕባ መሰላትን ምሕያልን ደቂ-ኣንስትዮ ዝምልከት ዋዕላታት፡ ዓውደ መጽናዕትታትን ጎስጓሳትን የዳሉ።

ሸ) ብዛዕባ ምዕባለታትን ብድሆታትን ንቤት ምኽሪ ጸብጻብ ምቕራብ

## 26.5 ኣባልነትን ተሳትፎን

ሀ) ኩለን ደቂ-ኣንስትዮ ኣባላት ግንባር ኣብ መደባትን ተበግሶታትን ናይ ምስታፍ መሰል ኣለወን

ለ) ደቂ-ኣንስትዮ መራሕቲ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ኣብያተ ምኽሪ፣ ኮሚቴታትን ሓይልታት ዕማምን ይካተታ

ሐ) እቲ ክፍሊ ምስ መሓዙት ትካላት ብምውህሃድ ውክልና ደቂ ኣንስትዮ ከስፍሕ ይኽእል።

## 26.6 ግዴታታት ጸብጻብ

እቲ ክፍሊ፤

ሀ) ርብዒ ዓመትን ዓመታውን ጸብጻባት መደባት፡ ዓወታትን ብድሆታትን

ለ) ተሳትፎን ውክልናን ደቂ ኣንስትዮ ንምምሕያሽ ዝቐርቡ ለበዋታት

ሐ) ጾታ ዝምልከት ተበግሶታትን ምኽባር ፖሊሲን ዝምልከት ጸብጻባት

### 26.7 መትከላት

እቲ ክፍሊ ብመሰረት፤

ሀ) ፍትሓውነትን ንኹሉ ዝሓቁፍን

ለ) ግሉጽነትን ተሓታትነትን

ሐ) ምኽባር ባህላዊ ብዙሕነትን ጾታዊ ማዕርነትን

መ) ኣብ ኣድላይነቱ ምስጢራዊነት ምሕላው

ረ) ምስ ቅዋማዊ ክብርታት ግንባር ምትእስሳር

## 27 ዓንቀጽ 27 – ሕግን ስነ-ስርዓትን (Discipline)

### 27.1 ምምስራት

እቲ ግንባር ንውደባዊ ድሕነት/ጸጥታ፣ ቅንዕና፣ ስርዓትን ስነ-ምግባራዊ ኣካይዳን ንምሕላው ሓላፍነት ዝስከም፣ ጥርዓን ኣባላት ዝምርምር ቀዋሚ ኮሚሽን/ኮሚቴ ብቤት ምኽሪ የጣይስ/ይምዝዝ።

### 27.2 ዕማም

እቲ ክፍሊ፤

ሀ) ኣመራርሓ፣ ኣባላት፣ ንብረት፣ ስርሓት ግንባር ምሕላው

ለ) ውሽጣዊ ምርግጋእን ውደባዊ ስርዓትን ምዕቃብ

ሐ) ንጸጥታዊ ሓደጋታት ምክልኻል፣ ምልላይን መልሲ ምሃብን።

መ) ደረጃታት ኣካይዳን ስነ-ስርዓትን ምትግባር

ረ) ግጉይ ተግባርን ጥሕሰት ሕጊን ምምርማር

ሰ) ናይ ተሓታትነትን ሓላፍነትን ባህሊ ምድንፋዕ

### 27.3 ቀንዲ ተግባራት

#### 27.3.1 ናይ ጸጥታ ተግባራት

እቲ ክፍሊ፤

ሀ) ውሽጣውን ግዳማውን ሓደጋታት ጸጥታ ምግምጋምን ምክትታልን።

ለ) ፕሮቶኮላት ጸጥታ ምምዕባልን ምትግባርን።

ሐ) ምስጢራዊ ሓበሬታን ርከባትን ምሕላው።

መ) ምክልኻል ተግባራት ስላለ ምዝርጋሕ ሚስጢራዊ ሓበሬታት/ሰነዳት  ምብልሻው ስራሓት ኻባር/ቤት ምኽሪ (Prevent infiltration, espionage, and sabotage) ።

ረ) ንኣኼባታትን ፍጻሜታትን ዝኸውን መከላኸሊ ስጉምትታት ምውህሃድ።

ሰ) ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ንኣመራርሓ ምምካር።

ሸ) ንህጹጽ ኩነታትን ስግኣታትን ምልሲ ምሃብ።

### 27.3.2 ተግባራት ስነ-ስርዓት

እቲ ክፍሊ፤

ሀ) ውደባዊ ስነ-ስርዓትን ስነ-ምግባራዊ ደረጃታትን ምኽባር

ለ) ጥሕሰት ዓንድ ሕግን ደንብን ግንባር ምፍታሕ

ሐ) ግጉይ ተግባር ምምርማር

መ) መአረምታውን ዲሲፕሊናውን ስጉምትታት ክውሰድ ይመክር

ረ) ንሽማግለ ዲሲፕሊን ወይ ፍቓድ ዘለዎ ኣካል ምድጋፍ

## 27.4 ንጸጥታን ስነ-ስርዓትን ዝምልከት መትከላት

ኩሎም ተግባራት በዚ ዝስዕብ ይምራሕ፤

ሀ) ሕጋውነት

ለ) ፍትሓውነትን ዘይሻራዊነትን

ሐ) ምስጢራዊነት

መ) ተመጣጣኒነት

ረ) ተሓታትነት

ሰ) ምኽባር መሰልን ክብርን ኣባላት

## 27.5 ደረጃታት ስነ-ምግባር

ኩሎም ኣባላት፤

ሀ) ዓንድ-ሕግን መምርሒ ቀይዲታትን ምኽባር

ለ) ሕጋዊ ውሳነታት ምኽባር

ሐ) ምስጢር ምሕላው

መ) ብቕንዕናን ብሓላፍነትን ምስራሕ

ረ) ናይ ረብሓ (conflict of interest) ጎንጺ ምውጋድ

ሰ) ካብ ንግንባር ዝጎድእ ኣካይዳ ምቑጣብ

### 27.6 ተግባራት ስነ-ምግባር

ዘይግቡእ ስነ-ምግባር ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ኣብዚ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን፤

ሀ) ምጥሓስ ሕግታት ምሕደራ

ለ) ስልጣን ብዘይግቡእ ምጥቃም

ሐ) ዓብዩ ሸለልትነት ምርኣይ

መ) ብዘይፍቓድ ሓበሬታ ምግላጽ

ረ) ምትላል ወይ ብልሸውና

ረ) ምግፋዕ ወይ ምፍርራሕ

ሰ) ውደባዊ ሓድነት ምድኻም

ሸ) ግጉይ: ስም ግንባር ዘይምጥን ወይ ዘጥፍእ መግለጺ ምቕራብ (Misrepresentation of the Front)

ቀ) ምጥሓስ ጸጥታ

### 27.7 ስልጣን ስነ-ስርዓት

ናይ ዲሲፕሊን ጉዳያት ብ፤

ሀ) ሽማግለ ስነ-ስርዓት፡ ወይ

ለ) ብመሰረት እቲ ሕጊ ፍቓድ ዝተዋሃቦም ኣካላት

ክፍሊ ሕግን ዲሲፕሊንን መርመራታት ከካይድን ለበዋታት ክህብን ይኽእል።

### 27.8 ግቡእ መስርሕ

ዲሲፕሊናዊ መስርሕ ነዞም ዝስዕቡ ብግቡእ የፍለጥ፤

ሀ) ክስታት ምፍላጥ

ለ) መሰል መልሲ ምሃብ

ሐ) ዘይሻራዊ ዳግመ ግምት

መ) ምስጢራዊነት

ረ) ፍትሓዊ መስርሕ ፍርዲ

ሰ) ተመጣጣኒ ውሳነታት

### 27.9 ስጉምትታት ስነ-ስርዓት

እገዳታት፤

ሀ) መጠንቀቕታ

ለ) ምግሳጽ

ሐ) ምእጋድ

መ) ካብ ቦታ ምእላይ

ረ) ኣባልነት ግዝያዊ ምቁራጽ

ሰ) ምስጓግ

### 27.10 ህጹጽ ስጉምትታት

ህጹጽ ናይ ጸጥታ ሓደጋታት ኣብ ዝፍጠረሉ እዋን፡ እቲ ክፍሊ ነዞም ዝስዕቡ ክመክር ይኽእል፤

ሀ) ግዝያዊ ናይ ጥንቃቐ ምድስካል

ለ) መከላኸሊ ዕቃቤታት ገደባት ስራሕን ግቡኣትን (Protective restrictions)

ሐ) ቅልጡፍ ናይ ጸጥታ ስጉምትታት

ከምዚኦም ዝበሉ ስጉምትታት ብዝምልከቶ ኣካል ክግምገሙ ይግባእ።

### 27.11 ናይ ይግባይ መሰል

ዝኾነ ኣባል ዲሲፕሊናዊ ስጉምቲ ዝውሰድ ብመሰረት ዝተቐመጠ ኣሰራርሓ ይግባይ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ።

### 27.12 ምክልኻል ኣንጻር ግህሰት

ናይ ጸጥታን ዲሲፕሊንን ኣገባባት ናብ'ዞም ዝስዕቡ ክውዕሉ ኣይግባእን፤

ሀ) ፖለቲካዊ ሕነ ምፍዳይ

ለ) ውልቃዊ ሕነ ምፍዳይ

ሐ) ምዕፋን ሕጋዊ ተቓውሞ

መ) ብዘይ ፍቓድ/ዘይሕጋዊ መቕጻዕቲ ምሃብ

### 27.13 ተሓድሶ ወይ ጽገና

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ድማ ናብ ጽቡቕ ደረጃ ንምምላስ መእረምታውን ተሓድሶን ስጉምትታት ክውሰዱ ይኽእሉ።

### 27.14 ምስጢራውነት

ናይ ጸጥታን ዲሲፕሊናውን ጉዳያት ብጥንቁቕ ብውሳነን ስቱርነትን ንዞም ዝስዕቡ ንምዕቃብ ይፍጸሙ፤

- ውዳባዊ ትኣማንነት
- ክብሪ ኣባል
- ኣገባባዊ ፍትሓውነት

## 28. ዓንቀጽ 28 ጠቕላሊ ኦዲተር (ተቖጻጻሪ)

28.1 ተቖጻጻሪት ኮሚተ (ጠቕላሊ ኦዲተር) ሰለስተ ኣባላት ዝሓዘት ኮይና፡ ብቤት ምኽሪ ግንባር ትምረጽ። ንሳቶም ድማ፡ ሓላፊ ኦዲተር / ኣቦ መንበር (Chief Auditor / Chairperson)፤ ኦዲተር ፋይናንስ (Financial Auditor)፤ ኦዲተር ሕግን ስነ-ምግባርን (Compliance and Ethics Auditor)

28.2 ውሽጣዊ መምርሒ ናይ ስርሓታ ትነድፍ። ብቤት ምኽሪ ግንባር ከኣ ይጸድቕ።

28.3 ናይ ግንባር ማእከላይ ሽማግለ (Central Committee) ኣጠቓቕማ ገንዘብ ትቆጻጸርን፡ ሕሳባት ተጻርን።

28.4 ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት፡ ትምዝግብን ትቆጻጸርን።

28.5 ኣሰራርሓ ክፍልታት ማእከላይ ሽማግለ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ትከታተልን ትቆጻጸርን።

28.6 ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ግዜ ጸብጻባ ብጽሑፍ ናብ ቤት ምኽሪ ግንባር ተቕርብ።

28.7 ኣካያዲ ቤት ምኽሪ ግንባር ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ጸብጻባ ናብ ቤት ምኽሪ ከም ዝቐርብ ይገብር።

28.8 ካብ ክፍልታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት፡ ሰነዳት ኣታውን ወጻእን ገንዘብ፣ ውጥናት ዕዮን፡ ክትጠልብ መሰል ኣሎዋ። ዝምልከተን ክፍልታት ድማ ብሕጊ ክምእዘዛ ይግደዳ።

28.9 ተቖጻጻሪት ኮሚተ፡ ኣብ ቅድሚ ቤት ምኽሪ ግንባር ብሓባር ተሓታቲት ኢያ።

28.10 ውዱእ ናይ ክልተ ዓመታት ጸብጻባታ፡ ኣብ ጠቕላላ ጉባኤ ግንባር EBRF ተቕርብ።

28.11 ዝኾነት ኣባል ሃገር፡ ብውሳኔ ባይቶ ሃገራ፡ ሓፈሻዊ ገንዘባዊ ጸብጻብ ክወሃባ ክትሓትትን ክወሃባን መሰል ኣለዋ።

28.12 ቤት ምኸሪ ግንባር ፡ 3 ዝኣባላታ ደጋዊ ተቖጻጻሪት ኮሚተ፡ ካብ 3 ኣባል ሃገራት ይምዝዝን። ቅቡልነቶም የጽድቕን።

28.13 ደጋዊ ተቖጻጻሪት ኮሚተ፡ ፋይናንስያዊ ንጥፈታት ግንባር ትምርምር፡ ብውሽጣዊት ተቖጻጻሪት ኮሚተ ዝቐረበ ሰነድ ትርእን ትምርምርን። ጸብጻባ ከኣ ናብ ኣካያዲት ቤት ምኸሪ ተቕርብ።